# መርሓባ ፈስቲቫልና

ብኑራ ሑሴን

መርሓባ ንበላ ለጋዕ ፈስቲቫልና
ነዛ ብሃረርታ ንጽበያ ኩልና
ማዓልቲ መኸተ ናይ ታሪኽ ሓበንና
ክብርቲ ማኣዲ ዓውዲ ናይ ቃልስና

ፌስቲቫል ካስል ንሰውራና ሓብሒባ
ታሪኻዊት ዕለት መርሓባ መርሓባ
ኮስኳሲት ናውቲ ናይ ቃልስና ዛባ
ዩቤሊዮማ ኣኺሉ ክትከብር ብዓጀባ
ሰቲ ክንስነስ ክንጸግ ዕምበባ

ደቅኺ ክውሕዙ ብየማን ብጸጋም
ኩሉ ምኩር ምሁር ሽማግለ ልባም
ብህዝቡ ዝቁርቆር ናይ ሕልና ሃብታም
ናባኺ ክዓስሉ ካብ ውሽጢ ካብ ግዳም

ፌስትቫል ካስል መጺእክልና ኣሀለን
ኣብቲ ዓቢ ዳስና መስሃልን
ኣንቲ ሜዳ ዕጥቂ ሜዳ ሓበን
ዩቤሊዮምኪ ኣብሪሁ መቐይሮ ዘመን

ኩሉ ይጽበያ ብዓቢ ሃረርታ
ኣዴታት ብሓበን ክድርጉሓ ዕልልታ
መቓልሕ ክመልስ እምብልታ
ክህርሀር ኮቦሮ ባህላዊ ጸወታ
በዓሎም ከኽብሩ ኣዋልዳ’ወዳታ

ንድምቀት ጽምብልኪ ኩዳ ተሓምበለ
ዕምበባ መስከረም ገልገለ መስቀለ
ድብልቕልቕ ጋሻኺ ክዘራ መስሃለ
ታሪኽኪ ክትንተን ሰውራና ዘጽለለ
ሰራቲ ዋዕላ ሃገር ኪዳን ዘደልደለ

25 ዓመታት ጽንዓት ትብዓት ዘዕጠቐት
ሓያልነት ቃልስና ዘጎልበተት
ኣብ መስርሕ ጉዕዞና ታሪኽ ዘመዝገበት
ተላዒሎም ደቃ ከኽብሩዋ ብድምቀት

ላምና ለጋዕ እምባሕ’ምባሕ ምስ ደቃ
መሳናኽል ሰጊራ መጻወድያ ሰንጢቓ
ኩላ ገስጊሳ’ላ ንዓኺ ናፊቓ
ከተማዕርግ ድግስኪ ዓጢቓ
መስሃለን ምስ ካስል ፋናኣ ደሚቓ
ማዓስከር ሰውራና መሊሳ ብሪቓ

ፈስቲቫል ካስል ዓውደ ጽኑዕ ሰውራ
ኩላ ታሪኽ ዝሰርሐት ምሳኺ ሓቢራ
ብተሪር መኸተ ንህዝብና ሓራ
ፍትሒ ዲሞክራሲ ኣብ ዳስኺ ዘሚራ
ኣብ ሰማይኪ ተምበልብል ሰማያዊት ባንዴራ
መርሓባ ከም ወትሩ ተቓለስቲ ኤርትራ

ጀጋኑ ሰብ ካስል 'ዞም ጽቡሓት
እቶም ናይ ተሓኤ መሰረታት
ውድቦም ዘድሓኑ ካብ ውዲታት
ዘይወላወሉ ጽኑዓት
ኩሉ ድሕሪ ህዝብን ሃገርን ዝሰርዑ ተባዓት